# ዉጉኣት ሓርነት

ዉጉኣት ሓርነት ታሪኩም ይገለጽ
ሚስጢራዊ ጉዑዞ ናይ ሜ ዳ ሓጎጽጎጽ
ሃገር ምስበልኩም ክትጸርጉ ንዓመጽ
ባዕዳዊ መግዛእቲ ህዝባዊ ጎነጽ
ወፊኹም ሂወትኩም ዝተቖርጸ ይቆረጽ
ኣብቲ መሪር ኩናት ጸልማት ብቐትሩ
ታሪኽ ጅግንነትኩም ዓለም ዩ መስኪሩ
ሚስጢራዊ ጉዑዞ ኣሎ ተቐቢሩ
ጽንዓት ቃልስኹም ነዊሕዩ ሱሩ
ሓወልቲ ሃገር ከቢርኩም ንበሩ
ክወግሕ አዩ ኩሉ መዓልቱ ቆጺሩ
መረብ ዝውዓለ ውግእ በረንቱ
ኣቑርደት ዘርፊደ ብለይቲ ከቲቱ
ተሰነ ዝደምሰሰ ኣንጊሁ ቢጊሓቱ
ሰላዕ ዳዕሮ ዝዓረደ ኣስመራ ጠሚቱ
ቆሓይቶ መዝገቡ ክሳድ ከስከሰ
ሽሜ ዝውዓለ ዘማች ዝደምሰሰ
ቢተን ተኺሉ ዝኸተተ መንደፈራ
ጸላኣቱ ዝፊርድ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ
ቸንቶ ኮትሮ (104) ሎሚ ክዝክራ
ኣሎኹምዶ ደቂ ዓባይ ሰውራ
ኩሉኹም ጀጋኑ ደቂ አርትራ
ናደው ዝውዓልኩም ኣብቲ ሰፊሕ ወረራ
ከረን ዝሓደርኩም ኣለኩም ወረ
ብቐትሪ ዝኣቶኹም ደቂኣምሓረ
ባጽዕ እውን ኣሎ ዝመረረ
ሃገር ዘምጻእኩም አቲ ዝኸበረ
ደምኩም ፈሲሱ ኣካልኩም ጎዲሉ
ኣብ ነጻ ሃገር መሰልኩም ተኸልኪሉ

ንሞያ ጅግንነትኩም ኣሉ ተባሂሉ
ሃገር ኣዊጆካ ሕጊ ዘይብሉ
ጅጋኑ ኣብ ስደት መኤከብ ዓዋሉ
ሱዉኣት ኣንተዝሰምዑ እንታይ ምበሉ
ዘበነ ግርምቢጥ ማይ ንዓቕብ ተባሂሉ
ሰራዊት ኤርትራ ጊደኹም ተሪፉ
ሃገር ካብተረኽበት ውሽጡኹም ኣጽፉፉ
መፍትሕ ምሳኹም ኣያ ግዜ ኣይተሕልፉ
ኣራዊት ገበል መርዛም ኣዩ ኣፉ
ከየገረህኩም ከምቶም ዝሓለፉ
ዘብዘብ ወሱኹሉ ብሓባር ተጠርነፉ
ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ
ውድቀት ንጉጅለ ህግደፍ
ብ ዘርኤ ትርፊ
12/22/08